# 8ይ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ተኸፊቱ

# "ምህናጽ፡ ብቑዕ ፖለቲካዊ ስርዓት ንውሑስ መጻኢ"

ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝመጹ መንእሰያት ዘእንገደ 8ይ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሓለፍቲ ሚሽናት ኤርትራ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ወከልቲ ኮማውያንን ሃገራውያንን ማሕበራት ኣብ ዝተረኽብሉ ሎሚ 6 ሚያዝያ ብክብ ዝበለን ሃገራዊ መንፈስን ብወግዒ ተኸፊቱ። ዋዕላ ኣብ ምእታው ሓጋይ ሽወደን ኪኽፈት መደብ ወጺኡ'ኳ እንተነበረ፡ ፋል ጽቡቕ ተስፋ ብዝኾነ ጠሊ'ዩ ወጋሕታኡ ጋሊሁ። ሃገራዊ መዝሙርን ዝኸረ ሰማእታትን ኣሰንዩ ድማ፡ መደባቱ ፈሊሙ።

እዚ ን8ይ ዓመቱ ዝቕጽል ዘሎ ዋዕላ፡ መንእሰያት ኣብ ሓድነቶምን ተርኦም ኣብ ምህናጽን ምክልኻልን ሃገር ንኸዕዝዙ ሰፊሕ ባይታ ዝፈጥረሎም ብምዃኑ፡ ዓቢ ቆላሕታ ዝግበረሉ መተኣኻኸቢ ሃገራውያን መንእሰያት ኢዩ።

ኣብ መኽፈቲ ድማ፡ ኣደ መንበር መንእሰያት ግንባር ስቶክሆልም፡ ብጻይቲ ኤደን ከበደ፡ ንተሳተፍቲ "እንቋዕ ብደሓን መጻኹም" ብምባል፡ 8ይ ዋዕላ ***"ምህናጽ፡ ብቑዕ ፖለቲካዊ ስርዓት ንውሑስ መጻኢ"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ይካየድ ምህላዉ ኣብሪሃ። ዋዕላ ንግድላት ምህናጽ ፖለቲካዊ ሰርዓትን ቀጻሊ ጉዕዞን መረዳእታን ዘዕዝዝ ምዃኑ ብምትንታን፡ ትካላዊ ዕብየት ንኺረጋገጽ፡ ኣብ ዝበረኸ ደረጃ ኪበጽሕን ኪትግበሩ ዘለዎም ውሳነታት ዘተኩር ምዃኑ'ውን ወሲኻ ዘርዚራ። ብጻይቲ ኤደን ኣስዒባ፡ 8ይ ዋዕላ ኣብ ሃገር ንዝትግበሩ ስትራተጂካዊ ሱታፌ ንምርግጋጽ፡ መደባት ክረምታዊ ኣገልግሎት ንኸተግብር፡ ጽኑዕ ባይታ ኣንጺፉ ተበጊሱ ምህላዉ ኣስሚራትሉ።

ንሳ ቀጺላ፡ 8ይ ዋዕላ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዋዕላታት ዝተመዝገቡ ዓወታት ዓቂቡ፡ ናይ ወትሩ ኤርትራዊ ተኣምራታዊ ቅያ ኪደግም መድረኽ ዝጠልቦ ዛዕባ ከም ዝኾነ ብምዝኽኻር፡ ዝተነብሐ እንተተነብሐ፡ ኩሉ ተጻብኦ ግዳም፡ ናይ ዓቕሊ ጽበትን ቀቢጸ ተስፋን ምዃኑ ብምጥቃስ "ንሕና ሰብ ዕላማ፡ ሰብ መትከልን ስራሕን ኢና" ድሕሪ ምባል፡ ነቲ ጽኑዕ ገመል፡ ጉዕዝኡ ካብ ምቕጻል ዝዕንቅፎ ሓይሊ ከም ዘየለ ኣነጺራ።

ኣስዒቡ፡ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት፡ ኣቶ ተኽለ መንግስቱ፡ 8ይ ዋዕላ፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ መደረኻዊ ጉዳያት ኣልዒሉ ንዝዝትዮም

ዛዕባታት፡ ኩሉ ተሳታፊ ሓጋዚ ዝብሎ ኣበርክቶ ክገብር ኣዘኻኺሩ። ኣወሃሃድቲ ዋዕላ፡ ኣብ ኦስሎን ስቶክሆልምን ኮይነን ከሰላስልኦ ንዝጸንሓ ዕዉት ዕማም ሞጊሶ። ቀጺሉ ድማ፡ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ዋዕላ መንእሰያት ናቕፋ፡ ዝተሳተፈ መንእሰይ፡ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ኣብዚ ዋዕላ ኪሳተፍ ምርኣይ፡ ፍረ ናይ'ቶም ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ ወፍርታትን ምልክት ዝዓሞ ዘሎ፡ ጽምደት ኣብ መኸተን ተጻብኦታቶምን ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ፍናን ዝህብ ተበግሶ ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣቶ ተኸለ ምስዚ ብምትእስሳር፡ ኤርትራ "ሓራ ፖለቲካዊ ውሳነ ኣብ ናጻ ሃገር" ዝብል መትከል ተመርኲሳ፡ ኣብ ጎደና ዕብየት ትጉዓዝ ምህላዋን ነዚ ናታ እምነተ ጉዕዞ ኪቕበሉን ኪሰምዑን ዘይደልዩ ሓይልታት ምህላዎም ኣትኩሩ ተንቲኑ። እዚ ዋዕላ፡ ዓመጽን ፍትሕን ብቐረባ ተፋጢጦምሉ ኣብ ዘለውሉ ህሞት ይካየድ ምህላዉ፡ ብምሕባር ድማ፡ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ምውሓስ ልኡላዊት ሃገር ብምኻኑ፡ 8ይ ዋዕላ ኣገደስትን ኩለንተናዊ መኸተ ዘሕይሉ ውሰነታትን ለበዋታትን ሒዙ ኪወጽእ፡ ትጽቢቱ ምዃኑ ጠቒሱ።

ቀጺሉ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንድናቭያን ኣቶ ዮናስ ማና፡ ምትእኽኻብ መንእሰያት ኤርትራ ፍሉይነትን ተደራራብን ሓበን ዝህብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ገለ ገለ ዋዕላ ንምንታይ ኣድለየ ኢሉ ንዝሓትት የዋህ፡ "ፕሮጀክት ምምዕባል፡ ምህናጽን ምክልኻልን ሃገረ ኤርትራን ምምካት ተጻብኦታታን" ክብል ብምጥቃስ፡ ሓጺርን ንጹርን መልሲ ሂቡ።

ቀጺሉ መድረኽ ኣብ ዋዕላ ዝተረኽበ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ መንእሰያት ሽወደን ኣብ መንጎ ተጻብኦታት ተቐርቂሮም፡ ነዚ ሃገር ሓቆፍ ዋዕላ ብምድላዎም ሞገሶ ብምግላጽ'ዩ ዘረብኡ ፈሊሙ። ምውርራስ ታሪኽ ሓደ ካብ ኣምራት ህዝባዊ ግንባር ምዃኑን፡ ሓደ ወለዶ፡ በይኑ ሃገር ኪፈጥር ከም ዘይክእልን ብምብራህ፡ እቲ ኣወንታን እንኮን ድማ፡ እቲ ንሱ ኪገብሮ ዝኽእል ፈጢሩን ሰሪሑን ታሪኽ ንወለዶ ምትሕልላፍ ጥራይ ከም ዝኾነ ብዝርዝር ብምግላጽ፡ ሓደ ካብ ጸጋታት ምስግጋር ታሪኽ ኤርትራ ምዃኑ ግልጺ ገይሩ። ነዚ ንምንጻር ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ድማ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዝትግበር፡ ካልእ ሃገር ዘይተተግብሮ፡ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝተባህለ፡ ኩሉ ዜጋ ኣምባሳደር ሃገሩ ከም ዝኾነን ኪዕቀብ ከምዘለዎን ኣገንዚቡ።

ኤርትራ፡ ከም ኩለን ሃገራት ብጎረባብቲ ዝቖመት ሃገር'ኳ እንተኾነት፡ ብእፎይታ ቀሲና ምንባር ከምዘይተዓደለት ዝሓበረ ኣቶ የማነ፡ ዝሓለፉ መሰናኸላት 20 ዓመታት ድማ፡ መርኣያኦም ምዃኖም ተንቲኑ።

ብጻይ የማነ ብምቕጻል፡ መንቀሊ'ዞም ተጻብኦታት ከኣ ኤርትራ፡ ብድሆታታ መኪታ ካብ ደገ ሓገዝ ከይተጸበየት ቁጠባዊ ምዕባለ ምርኣያን ኣብሪሁ። ሓይሊ ኤርትራ፡ ጽንዓት ውሽጣዊ መንፈስ፡ ምዕቃብ ዓወትን ዘይምምብርካኹን ምዃኖም ብምጥቃስ፡ እቲ ነዚ ኩሉ ውዳበታት ዘብቅዐ ሓይሊ ድማ፡ ኪዕቀብን ብጻዕቂ ኪስርሓሉን መዘኻኸሪ ኣቕሪቡ።

ኣቶ የማነ ኣብ መወዳእታ፡ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ኩሎም ንዝገጥምዎ ተጻብኦታት ብዘየወላውል ንምምካት፡ ዓይነታዊ ዝላ ንምንጣር ግዚኡ ዝኣኽለ ምኻኑ ብምግንዛብ፡ ነዚ ንምትግባር ድማ፡ ንኹሎም ብዓወት ዘህብትሙ፡ ውሳነታት፡ ብኣህጉርን ደረጃ ዓለምን ዝልለ ብዓንደ ርእሱ፡ ጥርናፌ መንእሰያት ካብዚ ዘለዎ ደረጃ ኪዓቢ ብምጽዋዕ፡ ፕሮጀክት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ንመንእሰይ ጥራይ ዝምልከት ከም ዘይኮነ ብምብራህ፡ ብደረጃ ሃገርን ማሕበረ ኮማትን ኪጥመት ከም ዘለዎን ኩሉ'ውን ብከምኡ ኣጠማምታኡ ከማዕበል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መኸፈቲ 8ይ ዋዕላ፡ ዝተፈላለዩ መንእሰያት ናይ ዝመጹለን ሃገራት ባንዴራ ብምሓዝ፡ ብደርፊ ብሄራት ኤርትራ ዝተሰነየ ትልሂት ኣቕሪቦም። 8ይ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ቀጺሉ። ዋዕላ ኣብ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ቀዳማይ ዛዕባኡ፡ ካብ ኣወሃሃዲት ኮሚተን ኩለን ሃገራትን ዝተወከሉ ኣባላት፡ ብስእልን ጽሑፉን ዝተደገፈን ጸብጻብ ምንቅስቓሶም ኣቕሪቦም።

8ይ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ኣብ ካልኦት ዝተመደብሉ ዛዕባታት እናዘተየ፡ ክሳብ ሰንበት ኪቕጽል ኢዩ።